ኮሌጅ ቴክኒክን ሞያን ዓብይ ዓዲ ን2011 ዓ/ም በጀት ዓመት ግልጋሎት ዝዉዕሉ ዝተፈላለዩ ሃለቕቲ ቀወምትን ንብረት ናይ ፅሕፈት መሳርሒን: ንዝተፈላለዩ ዲፓርትመንት ህንፃ መሳርሒን ፣ ናይ ኤሌክትሮኒክስን ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰሉስ ሚያዝያ 15, 2011 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሚያዝያ 29, 2011 11:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:በቢሎቱ ዝ/የ
- ቦታ:ዓ/ዓዲ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሚያዝያ 29, 2011 4:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ህንፃ መሳርሒ/ ናይ ንፅህናን ፅሬት ኣቁሑት/ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/

ስለዚ ክትጫረቱ ትደልዩ ነጋዶ ዝስዕብ ረቂሒ ክተማልኡ ይግባእ ናብ ትካልና ብምቅራብ ዝርዝር ናይቲ ኣቐሑት ዝሓዘ ሰነድ ብር 50.00 ሓምሳ ቅርሺ ዘይምለስ ብምክፋል ካብ ዓ/ዓዲ ቴክኒክን ሙያን ኮሌጅ ዕ/ፋ/ን/ም/ር ቢሮ ቁፅሪ 6 ቀሪብኩም ካብ ዕለት 14/08/2011 ዓ/ም ክሳብ ዕለት 28/08/2011 ዓ/ም ሰነድ እናመፃእኩም ክትወስዱ ከም እትክእሉ እናገለፅና ተጫራታይ እዞም ዘለዉ ነጥብታት ኣብቲ ሰነድ ጨረታ ከማልእ ይግባእ።

1 ናይ ግብሪ ከፋላይነት መለለይ ቁፅሪ /Tin/ ሰርተፊኬት ቅዳሕ ዘቕርብ

2 ናይ ተወሳኪ እሴት ታክስ /ቫት/ ምስክር ወረቀት ብቅዳሕ ዘቕርብ

3 ዝተሐደሰ ናይ መቕረባይነት ምስክር ወረቀት ቅዳሕ ዘቕርብ

4 ናይ ወርሒ የካቲትን/መጋቢትን 2011 ዓ/ም ዴክላሬሽን ዝክፈለሉ መረዳእታ ከቕርብ ዝክእል

5 ተወሳኺ እሴት ታክስ (ቫት) ሓዊሱ ክመልእ ዝኽእል፤

6 ተጫረቲ ምልክታ ካብ ዝወፀሉ ዕለት ጀሚሩ ሰነድ ጨረታ ካብ ዓ/ዓዲ ቴክኒክን ሙያን ኮሎጅ ዕ/ፋ/ን/ም/ር ብምዉሳድ ብዝተዓሸገ ፖስታ ኦርጀናልን ኮፒን ነንበይኑ ናብቲ ሰነድ ጨረታ መእተዊ ዝተዳለወ ሳፁን የእቱ።

7 ናይቲ ጨረታ መክበሪ ንፅሕፈት መሳርሒን ፅሬትን ኣቁሑትን ሎት 1 -3000 ብር / ሰለስተ ሽሕ ብር / ንህንፃ መሳርሒ ንሎት 2 በብዘርፍኩም 6000 ብር / ሽድሽተ ሽሕ ብር / ንኤሌክትሮኒክስ 3000.00 /ሰለስተ ሽሕ ቅርሺ፣ ብCPO ወይ ብጥረ ገንዘብ ከትሕዝ ዝኽእል፣

8 እቲ ዝተዳለወ ሳፁን ዕለት 28/08/2011 ዓ/ም ሰዓት 11:30 ናይ ድሕሪ ሰዓት ክፈቲ ኮይኑ ይፀንሕ ይዕሸግ።

9 እተ እቲ ዝተዳለወ ሳፁን ዕለት 29/08/2011 ዓ/ም ሰዓት 4:00 ናይ ድሕሪ ሰዓት ይኽፈት።

10 ጨረታ ዝክፈተሉ ቦታ ዓ/ዓዲ ቴክኒክን ሙያን ኮሌጅ ዕ/ፋ/ን/ምም/ር/ ንብረትን በቲ ዝተጠቀሰ ዕለትን ሰዓትን ተጫራታይ ወይ ሕጋዊ ወኪል ኣብ ዝተረከበሉ ይኹን ኣብ ዘይተረከበሉ እዉን እቲ ናይ ጨረታ ፖስታ ይኽፈት።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

11 ዘሸነፈ ተጫራታይ ንዘሸነፈሎም ኣቁሑት መጓዓዓዚ ኾነ መፅዓንን መራገፍን ባዕሉ ይሸፍን ናብ ዓ/ዓዲ ቴክኒክን ሙያን ኮሌጅ የርክብ።

12 ተጫራታይ እቲ ጨረታ አሺንፍካ ተባሂሉ ካብ ዝተገለፀሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ዉሽጢ 3 (ሰለስተ) ናይ ስራሕ መዓልቲታት ዉዕል ብምእሳር ኣብ ዉሽጢ ዓሰርተ(10) ናይ ሰራሕ ተከታተልቲ መዓልተ ንብረት የቅርብ።

13 ብዉዕሉ መሰረት ንኣቅሑ ቢሮ ብእዋኑ ንዘይኣቅረበ ኣቁሑት በቲ ጨረታ መምርሒ መሰረት ኣብ መዓልቲ 1/1000 ብር ይቅፃዕ።

14 ዝኮነ ተጫራታይ ናይ ጨረታ ዋጋ አብቲ ዝወሰደ ዝተዳለወ ባዶ ሰነድ ጨረታ ብትክክል ኣቀሚጡ ክመልእ አለዎ። ካብኡ ወፃኢ ብካሊእ ሰነድ ዘቅርብ እቲ ትካል ኣይቅበሎን ዉድቂ ይኸዉን።

15 ካብ ስፐስፊኬሽን ወፃኢ ምምላእ ኣይፍቀድን

16 አብ ዘቅርቦ ናይ ጨረታ ሰነድ ስሙ ፌርሙእን ኣድራሻን ማህተም ናይቲ መቅረባይ ድርጅት ብትክክል ከቀምጥ ኣለዎ።።።

17 ንምንባብ አፀጋሚ ዝኾነ ፊደል ወይ አሃዝ ዘቐመጠ ብቀጥታ ካብተ ጨረታ ይስረዝ።

18 እቲ ትካል ኣብ ሓደ ዓይነት ኣቅሓ 20% ናይ ምውሳኽ ወይ ናይ ምቅናስ መሰል ኣለዎ።

19 እቲ ትካል ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ኮነ ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ሕልዉ እዩ።

20 ንኤሌክትሮኒክስ ውሕስና 1 ዓመት ይከውን።

ንዝበለፀ ሓበሬታ ብስልኪ ቁፅሪ 0344-460323 ደዊልኩም ምሕታት ትክእሉ ኢኩም

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle